

# ቶም እቲ ሸያጢ ባናና

Humphreys Odunga
Zablon Alex Nguku
Daniel Berhane Habte
tigrinska
nivå 2



ቶም ዝበሰለ ባናና ብካሴታ ይስከም።



ቶም ባናና ክሸይጥ ናብ'ቲ ዕዳጋ ይኸይድ።



ሰባት ኣብ'ቲ ዕዳጋ ፍረታት ይገዝኡ ኣለዉ።



ካብ ናይ ቶም ባናና ግን ዋላሓደ ሰብ ዝገዝእ የለን። ካብ ደቀንስትዮ እዮም ፍረታት ክገዝኡ ዝመርጹ።



“ኣብ ሕብረተሰብና፡ ደቀንስትዮ ጥራይ እየን ፍረታት ዝሸጣ።” ይብሉ ሰባት። ንሓድሕዶም “እንታይ ዓይነት ሰብኣይ’ዩ ኣታ’ዚ?” ይባሃሃሉ።



ቶም ግን ተስፋ ኣይቆርጽን። ከም’ዚ ድማ ይብል፡ “ካብ ባናናይ ግዝኡ! ካብ’ዚ ዝበሰለ ምቁር ባናናይ ግዝኡ!”



ሓንቲ ሰበይቲ ካብ’ቲ ካሴታ ጥማር ባናና ተልዕል። ነቲ ባናና ብጥንቃቐ ትርእዮ።



እታ ሰበይቲ ነቲ ባናና ገዚኣቶ።




ካልኦት ሰባት ናብ'ቲ ባንኮ ይመጹ። ናይ ቶም ባናና ገዚኦሞ፡ በሊዖሞ ድማ።



ብቕልጡፍ፡ እቲ ካሴታ ጥራዩ ተሪፉ። ቶም ነቲ ዘእተዎ ገንዘብ ፈቒድዎ።



ሽዑ ቶም ሳሙና፡ ሽኮርን ሕብስትን ይገዝእ። ነቲ ንብረት ኣብ’ቲ ካሴታኡ የእትዎ።



ቶም ነቲ ካሴታ ኣብ ርእሱ ኣጣጢሑ ብምስካም ናብ ቤቱ ይኸይድ።

# Sagor för barn på svenska

berattelser.se

## ቶም እቲ ሽያጢ ባናና

Skriven av: Humphreys Odunga
Illustrerad av: Zablon Alex Nguku
Översatt av: Daniel Berhane Habte

Denna saga kommer från African Storybook (africanstorybook.org) och vidarebefordras av Sagor för barn på svenska (https://berattelser.se/), som erbjuder sagor på många språk som talas i Sverige.

Detta verk är licensierat under en Creative Commons
Erkännande 4.0 Internasjonal Lisens.